# ናብ QPASTT ብከመይ ከምትልኣኽ?

ዝበጽሑ ጐርዞታት፣ ህጻውንቲ፣ መንእሰያት፣ሰብኣይን ሰበይቲ፣ስድራታትን ከምኡ'ድማ ጉጅለታት ብዝኾነ ሰብ ናብ QPASTT ይልኣክ ወይካዓ ብባዕሎም ናብ QPASTT ክመጹ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዝልእኽ ሰብ ፍቓድ ዝረኸበ ክኸውን ከምዘለዎን ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾኖ ናይ ወለዲ ስምምዕነት ከምዘድሊ እዩ።

ዕድሚኡ ክሳብ 12 ዓመት ዝኾኖ ህጻን ዝልኣኽ እንተኾይኑ፤ኣብ ቐዳማይ መእተዊ ዝግበር ኣኼባ ወላዲ ወይካዓ ከምወላዲ ሓላፍነት ዝወሰደ ሰብ ሓቢሩ ንክሳተፍ ይሕተት እዩ።

ንሓገዝ ዝልኣኹ ኩሎም ብናይ QPASTT ማእከላይ ቤት ፅህፈት ኣቢሉ ይዳለው። እዚ'ውን ኣብ ሃገረሰብን ኣብ ክልላዊ መምሕድዳር ንዘሎ ናትና ኣገልግሎት ዘጠቓልለ እዩ።

ናይ መልኣኺ ቅጥዒታት ኣብ ናትና ዌብሳይት፡ www.qpastt.org.au ወይካዓ ኣብ QPASTT ይርከብ።


**ኣድራሻ መንገዲ :**

**28 Dibley Street**
**Woolloongabba QLD 4102**

**ኣድራሻ ብፖስታ:**
**ፖ.ሳ.ቁፅሪ፡ 6254, Fairfield, QLD 4103**

**ስልኪ: (07) 3391 6677**
**ፋክሲ: (07) 3391 6388**

**www.qpastt.org.au**

**ኢሜል: admin@qpastt.org.au**


# ን QPASTT ብከመይ ጌረ ክረኽቦ እኽእል?

ኣብ ሙሉእ ብሪስባን፣ ሎጋን፣ ጎልድ ኮስት፣ ደቡብ ምብራቕ፣ማእከላይ፣ሰሜንን ካብ ሰሜናዊ ኲዊንስላንድ ዝርሓቐ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣገልግሎት ብናይ QPASTT ይውሃብ እዩ።

ናይ QPASTT's ማርከላይ ቤት ፅሕፈት ዝርከብ ኣብ **ብሪስባን ሕብረ ባህላዊ ማእከል** ውሽጢ ከምዝኾነን ኣድራሻ፡ 28 Dibley St, Woolloongabba ይኸውን። እቲ ቤት ፅሕፈት ዝርከብ ኣብ ደቡባዊ ብሪስባን ገጽ ከምዝኾነን እሞ ናብ Ipswich road መንገዲ ቐርባን ናይ እግሪ መንገዲ ርሕቐት ይኸውን:

**ባቡር**: ፓርክ ሮድ/Park Road ባቡር ጣቢያ (ካብ Dibley Street መንገዲ 500 ሜትሮ ርሕቐ)

**ኣውቶቡስ** : PA Hospital Busway ናይ፡ ፒኤ ሖስፒታል እቶቡስ፡ ጠጠው መበሊ።

ናብ QPASTT ንምኻድ ብዛዕባ ሕዝባዊ መጒዓዚያ መማረጺታት ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ን **Transinfo ብስልኪ 131 230** ምድዋል

ብዛዕባ ናትና ናይ ዝረሓቐ፡ ቦታን ናይ ክልላዊ ከባቢ ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብ በጃኹም (07) 3391 6677 ደውሉ




# QPASTT

## ካብ ስቓይ መግረፍቲን ሕማቕ ተመኩሮ ንዘምለጡ ናይ ኲዊንስላንድ ሓገዝ ፕሮግራም ሕጋዊ ትካል

ካብ ስቓይን ሕማቕ ተመኩሮ ንዘምለጡ ዝካየድ ናይ ኣውስትራሊያውያን ኣገልግሎት ምይይጥ QPASTT ናይ ኲዊንስላንድ ኣባል እያ (FASSTT)


*ማእከላይ ቢሮ :*
**Brisbane Multicultural Centre**
**28 Dibley Street**
**Woolloongabba, Brisbane, QLD 4102**

# ካብ ስቓይ መግረፍቲ ሕማቕ ተመኩሮ ንዘምለጡ ናይ ኲዊንስላንድ ሓገዝ ፕሮግራም ሕጋዊ ትካል

## QPASTT እንታይ ይገብር ?

QPASTT ንማሕበረሰብ ኣገልግሎት ክህብ ዝተመስረትን ካብ ስቓይን መግረፍቲ ተመኩሮ ንዘምለጡ ስደተኛታት ባህሎም ኣብ፡ ግምት፡ ብምእታው ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኣካል ሕማም፣ ናይ ኣእምሮኣዊን፡ ማሕበራዊ ድሌት ዘተኩር ግልጋሎት የቐርብ'ዩ።

## መን'እዩ QPASTT ዝረክብ?

በዚ ዝስዕብ ንዘለዎም ሰባት QPASTT ሓገዝ ይህብ እዩ:

- *መግረፍትን ስቓይ ንዘጋጠሞ*
- *ንዝቀርቦ ዝኾነ ሰብ መግረፍትን ስቓይ ክበጽሖ እንከሎ ዝርኣየ*
- *ካብ ኣዶምን ካብ ገዝኦምን ክሃድሙ እንኮለዉ ዘይርሳእ ስቓይ ንዘጋጠሞም*
- *ናይ ጉጅለ ፖለቲካ፣ ዓሌት ወይካዓ ሃይማኖት ኣባል ስለዝኾነ ስቓይ ንዘጋጠሞ፣ ወይካዓ*
- *ብሰንኪ ውግእ፣ ፖለቲካ ዘይምጥእኣም ዘጋጠሞ ኣብ ሕይወት ስግ ዓት ንዘለዎ ሰብ።*

## ኣገልግሎት ዝውሃበሉ ከባቢ

QPASTT ኣብ ሙሉእ መምሕድዳር ግዝዓት ዘሎ ኣገልግሎት ከምዝኾነን ኣብ ከተማን ሃገረሰብ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት መውሃቢ ማእከላት ኣሎ። ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኲዊንስላንድ ዘሎ ናትና ኣገልግሎት ብዝተፈላለየ ቦታት ብቕልጡፍ ሓገዝ የዳልው እዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ማእከላይ፣ ሰሜንን ኣብ ርሑቕ ስሜናዊ ኲዊንስላንድ ብቀጥታ ኣገልግሎት ንህብ ኢና።

## QPASTT እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ይህብ ?

- **ስቓይን መግረፍቲ ንዘጋጠሞ መማኸርቲ Torture** ካብ ስቓይን መግረፍቲ ተመኩሮ ንዘምለጡ እዚ'ውን ንስደተኛ ሕቶ ዘቅረቡ ዘካተተ ታት
- **ንህጻውንቲን መንእሰያት መማኸርቲ** ዕድሚኦም ካብ 4 ክሳብ 24 ዓመት ንዝኾኖ እሞ ብሰንኪ ስቓይን መግረፍቲ ተመኩሮ ጸገም ንዘለዎም ህጻውንቲን መንእሰያት
- **ስልጠናን ናይ ሞያዊ መምሕያሽ** ስቓይን መግረፍቲ ዝበጽሖ ሰብ ምስ ሓለዋ ጥዕና ዝተዛመደ ሓቢሮም ንዝሰርሑ ሰባት

*ኣብዚ ዝስዕብ ግልጋሎት ኣብ ኩሉ ናይ ኣገልግሎት መውሃቢ ቦታ ኣይርከብን።*

- **ናይ መንእሰይ ፕሮግራም** ዕድሚኦም ካብ 12 ክሳብ 24 ዓመት ንዝኾኖ በዚ ዝስዕብ ዘካተተ እዩ:
  - ኣብ ጸገም ንዝተቓልዑ ወይካዓ ንባዕሎም ክጎድኡ ወይካዓ ንክቐትሉ ዝተዳለው መንእሰያት ውልቃዊ ምኽሪን፡ ደገፍን ምሃብ ።
  - ኣብ ቤት ትምህርቲን ማሕበረሰብ ናይ ኣእምሮ ማሕበራዊ ደገፍን ጥብቅና ምሃብ
  - ናይ ዕረፍቲ ፕሮግራም
  - ናይ ገዛ ሥራሕ ክለብ
- **ቐዲምካ ኣምንጎ ብምእታው ናይ ስድራ መማኸርቲ** ኣብ ሓዱሽ ባህሊ ዘለዎ ቦታን ናይ ስድራ ሓገዝ ልምዲ ብዘይብሉ ከባቢ ቆልዑ ክተዕብይ እንከሎ ኣብ ትውልዲ እንዳሃለፈ ዝነበረ ባህላዊ ጉዳይ ምጥማት።
- **ቐዲምካ ኣምንጎ ምእታው ናይ ማሕበረሰብ ፕሮግራም** *እዚውን ኣብናይ ባሕሊ ምስስግጋር ዘለው ስድራታት፣ ፅኑእ ናይ ስድራ ምደብ ምፍጣር ።*
- **ሓልየት ንዝገብሩን ስድራቤቶምን ደገፍ** ውልቀሰባትን ብናይ ማሕበረሰብ ዝግበር ምንቅስቃስ ዘካተተ እዩ።
- **ዕቤት ማሕበርሰብ** ካብ ስደት ንዝመጹ ማሕበረሰባት ዘካተተ እዩ።
- **ኣብ ቤት ትምህርቲ ምዕባለ ክዕለትን ናይ ሞያ ስልጠና** ካብ ስደት ንዝመጹ ተማሃሮ ብትምህርቲ ከማሓይሹ ንምሕጋዝ እዩ።

**ብናይ QPASTT ዝተወገዘ ስቓይ ከም ተቀባልነት ዘይብሉ ናይ ሰብዓዊ መሰል ምጥሓስ ስለዝኾነ ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝቃለሱ ድርጅታት ብሓባር ኾይንካ ምቅላስ እዩ።**

**ስቓይን በደል ንዝበጽሖም ናብ ኑቡር ኩነታ ንምምላስ ብሃገራዊ ቤት ምኽሪ [IRCT] ውሽጢ QPASTTኣባል እዩ።**